# ኢጣልያዊት ከተማ ሚላኖ ንመጀመርታ ግዜ ሃገራዊ ኤርትራዊ ፌስቲቫል ከተአንግድ እያ።

------------ 0 ---------------

ኢጣልያዊት ከተማ ሚላኖ ካብ 29 ሰነ ክሳብ 1 ሓምለ ንመጀመርታ ግዜ ሃገራዊ ኤርትራዊ ፌስቲቫል ከተአንግድ እያ።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ነዚ ንሳልስቲ ዝቕኒ ፌስቲቫል ንምዕዋት፡ ቅድሚ ክልተ ወርሒ ጀሚራ ክትንጣጠፍ ከምዝቐነየትን ኩሉ ኣብ ኢጣልያ ዝቕመጥ ኤርትራዊ ነቲ በዓል ንምምዕራግን ንምድማቕን በብዓቕሙ ይሸባሸብ ከምዘሎን ካብቲ ቦታ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ።

ኣብቲ ፌስቲቫል፡ ንባህልን ያታን ኤርትራ ዘንጸባርቑን ኤርትራዊ መንነት ዘጉልሑን ዝተፈላለዩ ባህላዊ ምርኢት፡ ስነጽሑፍ፡ ውድድር ስፖርትን ቁንጅናን፡ ቁሸት ከተማታትን ካልእን ንጥፈታት ክካየድ እዩ።

ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናይቲ ፌስቲቫል፡ ኣቶ ታደሰ ኣስገዶም፡ “ እታ ሽማግለ ቐደም ይኹን ሎሚ ብልዑል ፍቕሪ ሃገር ዝውፈ ህዝቢ ተኣማሚንና ኢያ ትንቀሳቐስ ” ብምባል፡ ምርኩስ ናይ ኩሉ ሃገራዊ ንጥፈታትናን ዓወትናን ሓፋሽ ህዝቢ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብቲ ቅነ ፌስቲቫል፡ ሰሚናራት ናይ ማሕበር ደቀንስትዮን ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራን ከምኡውን ኢጣልያውያን ምሁራት ዝጽንበርዎ ንቑጠባዊ ምዕባሌታትን ብድሆን ሃገርና ዝድህስስ ዘተን ክትዕን ተዋዲዱ፡ ዘዝምልከተን ሽማግለታት ይሰርሓሉ ምህላወን ካብ ሚላኖ ዝመጸና ዜና ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ሓምለን ነሓሰን ኣብ ጀርመን፡ ስዊዘርላንድ፡ ብሪጣንያ፡ ሆላንድ፡ ሽወደን፡ ኣሜሪካን ካናዳን ሃገራዊ ኤርትራዊ ፌስቲቫል ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ።

------- ኣዜኤ -------